# - <u>ህዝባዊ ልቦና፡ ዘይነጽፍ ኣራሚ ባሕሪ'ዩ</u> -

ነጸረ ተወልደመድህን - ለንደን - 23-08-10

ኩሉ'ቲ ካብ ንሁር ስምዒታት ዝነቐለ ናይ ዋዕዋዕ ደሮና ዝግ ምስ በለ፣ ሕጂ ኸ ናበይ ዝብሉ ስዒቦም ዝመጽኡ ፈተንቲ ሕቶታት ክቀላቐሉ ናይ ግድን እዩ። ደቂ-ሰባት እንተ ደኣ ንኹሉ ብልቦና ዘየንብብ፡ ብስምዒት ጥራሕ ዝዉከል ተበግሶታት ወሲዶም፡ ነፍሲ-ወከፍ ተግባራቶም ናይ መጻኢ ዕዳታት መኽዘን ዘግፍሕ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ኣይህልዎን። እዋናዊ ኮነ ናይ ንመጻኢ ዝግመቱ ጸገማት ምዉጋን ኣበየ እዋኑ ይንአስ ይዕበ ዉሕሉል ቦታዊ ኮነ ሃገራዊ መጋባኣያታት ክግበር ኣገዳሲ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ንርግኣትን ሰላምን ወሳኒ እዩ'ዉን።

ሃገራዊ ዋዕላ ንደቂ-ሃገር ብመላእ ዘማእክሉ ናይ ሕዉየት መስርሕ ዛዕባታት ዘሳሲ ፍቱን መድሃኒት ናይ ማሕበራዊ ሽግራት እዩ። ሃገራዊ ዋዕላ እምበኣር ኣብ ዉሽጢ ህድኣት፣ ምድምማጽ፣ ሓልዮት፣ መርሓባ፣ ንጽህና፣ ድልዉነት ምእራም፣ ምጽዉዋር ዝኣመሰሉ ጠባያት ደቂ-ሃገር'ያ ትዕምብብ። ዉረድ ደይብ ዘይብሉ መበቆላ ኸኣ ካብ ነብሰ-ነቐፌታን ይቕሬታን፡ ናይ ተጋባኢን መላእ ተጠቃምን እዩ ዝጅምር። ካብ እዋን ናብ እዋን ዝዉህለሉ ዉጽኢታት ኣላዝቦ ኸኣ ናይ ስኒት መደያይቦ ይፍጥር። ዋዕላ ክበሃል እንከሎ እምበኣር ካብ ዉሱን ናይ ሓደ ከባቢ ልዝባት ክሳብ'ዉን ብሃገር መልክዕ ዝግበር ናይ ሽግራትካ ኮነ ናይ ኣመሓዳድራኻ ዘጋብእ፡ ኣገባብ ምትእኽኻብ እዩ። ተሳተፍቱ ኸኣ ኣብቲ ዕላማ ናይ'ቲ ክረጋገጽ ዝተደልየ ጉዳይ ወለንታዊ ረብሓታት ዘሎዎም ምልኣተ ነጸብራቕ ዝህቡ ክኾኑ ይግባእ።

ብኣንጻር እቲ ቅዱስ ዕላማ ኸኣ፡ ንረብሓ ዉሑዳት ናይ ስልጣን መቀላጠፊ ኣገባብ ዝቑጸር ናይ 'ዋዕላ' ኣዋጃት ተዓጠቕ ተሸብሸብ ዘይግበር መዓስ ኮይኑ። ከምኡ'ዉን ድሮ ኣብ ስልጣን ዝተቐመጠ፣  ናይ ስልጣኑ ምጽፋፍ ኮነ ንዝፍጠሩ እዋናዊ ሓጎጽጎጻት ንሽጻሪ ካብ ኩሉ መኣዝናት ዜጋታት ኣጠራቒሙ፣ ብጋዜጣታትን ዘመናዊ መሳርሕታትን ፕሮፓጋንዳ ኣሰንዩ ኣብ ፈቐዱኡ ጓይላታት የዳኽር እንድ'ዩ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ዓመጽ ምትእኽኻባት ከኣ - ብግርህና፡ ብምፍርራሕ ኮነ ብገንዘባዊ ዕደጋ ዘጣቕዑ ግሩሃት ዝተዋህለሉ ዜጋታት፡ ፖሊቲካዊ ትያትሮ ይስራሕ። ነዚ ዘሳስዩ ጎሓላሉ ዉልቀ-ሰባት ኮኑ መንግስታት ኣብ ሃገራዊ ረብሓ እንዶ የብሎምን፡ ሓድነት ህዝቢ እንተ ኾነ'ዉን ከም ልዑል ኣጀንዳኦም ኣይወስዱዎን። ዝሐድጎ ሰራም ኣሰራት ከኣ ቃንዛኦም ኣይኮነን።

ነዚ ክልተ ክፍሊ ሓሳባት ኣብ ግምት የእቲና እምበኣር፡ ነቲ ቅኑዕ ህዝባዉን ሃገራዉን ዕላማ ዘሳሲ ናይ ጸገማትና ፍታሕ ዝኾነ ሓሳብ፡ ኣጽዒቕና እንተ ኣተኮርና ይሓይሽ። ኤርትራና ክሳብ ኣብ ካርታ ዓለም ብድሙቕ ቀለም ዝተወረቐትሉ ኮነ ድሕሬኡ፡ ንተጻዋርነትናን ጽንዓትናን ኣዝዩም ብዝፋተኑ መድረኻት እያ ሓሊፉ። ክብሪ ይኹኖም ኣቦታትና፡ ኣዴታትና፡ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ንስለ ክብርናን መሰልናን

ክብሉ ኣብ ፈቐዱኡ ወዲቖም። እቲ ዓቢ ዉርሻና ኸኣ ተላዛቢ ዋዕላታቶምን ናይ ማሕበራዊ ጥምረት ክብርታትን እዮም። እዚ ጠባያት እዚ ኸኣ ሓደ ካብቲ ናይ ነጻነት ዓወትና ረቛሒታት ከም ዝነበረ ኮይኑ ይምዘን። ብኣንጻሩ ግን፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስና ዘጥረናዮም ናይ ሕድሕድ ምክሳስ፡ ምንእኣስ፡ ምጥቕቓን፡ ማዕረ ምቅትታላት'ዉን ዝተፈጸመሉ ንናይ ዉሽጠ-ጸላኢና ዝኾነ ባህልታት የዕኩኾም እዮም። ካብ ግዜ ነጻነት ኣትሒዙ ኸኣ ነፍሲ-ወከፍ ኣለኹ ዝበለ ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ብርኩታ ክቛርፍ ክሳብ ሕጂ ዝበለየሉ ኣይመስልን። ንምሕካሞም ዝተወስደ መጽናዕትን ተበግሶታትን ከኣ የልቦን። ነጸብራቑ ኣብ ምርባሕ ሕንጭልጫላት ዉድባት ክትግንዘቦ ይከኣል። ከምቲ ዝድለ ምስ ግዜ ክዓብያን ክልብማን እዉን ኣይተራእያን። ደገፍተን ኮኑ ዝጸልዋኦ ክፉል ማሕበረ-ሰብና ክሳብ ክንደየናይ ኮን ይኾኑ ዝተጸንዔ እኳ እንተ ዘየልቦ፡ ኣዝዩ ኣሰካፊ ከም ዝኾነ ንምግማቱ ዘይከኣል ኣይኮነን።

ሓደ ዝምድና ድሕሪ ካልእ ዝምድና ክፈጣጠር፡ ብዕምቆት ተላዚቡ ኣብ ክንዲ ምእራም ዘልዕሎም ሓሳባታት ኣብ ምንጽጻግን ቅርሕንቲ ኣብ ምፍሓስን ግዜ ባኺኑ'ዩ። ኣብ "ኪዳን" ኮነ ቅድሚኡ ዝጸንሑ ናይ ቻርተራት ዝምድና ብትሕዝቶኡ ዘይተመዛዘነ ጥርጡር ናይ ቃልሲ ሸዉሃት ዝዓጹ ናይ ምብትታን ስሰዔ ኣመታት ዝሃበ ነይሩ። እዋናዊ ሃለዋት "ኪዳን" ከኣ ንጹር ናይ'ዚ ኣብነት ምስክር እያ።

ነዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክግበር ዝቐነየ ናይ ኤርትራዉያን 'ዋዕላ'፡ ገለ ካብተን ናይ ተቓዉሞ ዉድባት ክሰማማዓ ከም ዘይከኣላን ከም ዘይተሳተፋን ተረጋጊጹ። ብመሰረቱ ብሃገር ደረጃ ዝግበር 'ዋዕላ' ናይ ዝተፈልያ ዉድባት ዕማምን ሓላፍነትን ከም ዘይኮነ ዘይሰማማዕ ክህሉ ኣይክእልን። ስለ ዝኾነ ኸኣ ኣብ ኣተገባብራኡ ዝተፈላለየ ዕግበታት ኣብ ዝተጋህደሉ ሰዓታት ኣቐዲምካ ናይ ምሕካሙ ተበግሶታት ክዉሰድ ጥራሕ እዩ ዝነብር። ዝሃለወ ይሃሉ ዘይሃለወ ኸኣ ገደል ይእቶ እንተ ኾይኑ፡ መዓስ ዓዲ የጋብር ኮይኑ። ክንደየናይ ግዜ ይወስድ ብዘየገድስ - ኣፍደገ ልዝብ ክዕጾ የብሉን። ፈጺሙ ዘየረዳድእ ነገራት ክህሉ ኸኣ ኣይክእልን እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ምኽንያቱ ብዘይካ ጥሙር ሓይሊ ናይ ኤርትራዉያን ነዚ ዘሎ ስርዓት ንምልጋስ እንጽበዮ ካልእ ሓይሊ ንስለ ዘየልቦ። ዘተ ማእከላዊ ዕላማና'ዩ። ምናልባት ከፈላልዩ ዘኽእሉ ነገራት እንተ ሃልዮም ትሕተ-ሃገራዊ ዝኾኑ ሃደድቲ ተበግሶታት እንተ ተወሲዱ፣ ንኣገልግሎት ናይ ደገ ሓይልታት'ዉን ዝዓለመ ዉዲት ምስ ዝግበር ክኸዉን ይኽእል። ኣብዚ ዝቐነየ ጉዳይ ግን ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ምትህልላኻት ብጉሉሕ ኣይተራእየን። ነገር-ግን ናይ ዋዕላ መሰረታዊ ጠባያት ካብ መደባት ናይ'ቶም ናይ ፍልምያ ኣሳሰይቱ እዩ ዝብገስ። ስለዚ ኣዳለዉቲ 'ዋዕላ' ንነብሶም ወነንቲ ናይ'ቲ ዘዳለዉዎ 'ዋዕላ' ገይሮም እንተ ደኣ ተረዲኦሞ ብዙሕ ዘከራኻር የልቦን። ንምንታይ ብመልክዕ 'ሃገራዊ ዋዕላ' ንምጅማሩ ቀሊል እኳ እንተ መሰለ ንምቕጻሉን ኣወዳድኣኡንሲ - ጠባያትን መልክዕን ናይ'ቶም ዝወደቡዎ'ዩ ዝወስድ። ዝጸበበ ዉጽኢት ከኣ የበርክት።

ሓደ ዝፈትዎን ዘኽብሮን መጋድልቲ - ኣብ'ዚ ቀረባ ግዝያት ይረኽበኒ'ሞ ኣብ መንጎ ናይ ናፍቖት ዕላላትና እቲ ዘይተርፍ ናይ ሃገርና ሃለዋት ኮነ ናይ ኣቀላልሳና ስልቲ ምስ ተላዕለ፡ ብሕጽር ዝበለ ቃላት ልቦናዊ ምኽሪ ይልግሰለይ። ከምዚ ከኣ ይብል - "እቲ ንሕና እንሕልኖ ከነርክበሉን ከይነርክበሉንሲ

ጻዕርናን ፍርያትናን ነቲ መጻኢን ተካእን ወለዶታት እንገድፎ ናይ ዉርሻ ዓይነታት - ኣዝዩ ከገድሰና ኣሎዎ።” ሓቂ ኸኣ'ዩ፡ እቲ ዉርሻ ክብል እንከሎስ - ጥዑይ ተላዛቢ ማሕበራዊ ክብርታት ዘስፍን ማለቱ'ዩ። እዞም ክብርታት እዚኣቶም ከኣ'ዮም ጥዑይን ብልጹግን ማሕበረ-ሰብ ኣብ ምህናጽ ዘማእክሉ።

ጎነጽ ንጎነጽ እዩ ዝፈጥር። ብሃገራዊ ዋዕላ ተሰይሙ ዝግበር ተበግሶታት ዘላቒ ህይወት ምእንታን ክህልዎ ጥንቁቕን ህዱእን ባይታ መበገሲ የድልዮ። ኣብ ክሊ ናይ ጎንጽን ዘይምዉህሃድን ዝፍተን ዋዕላ፡ ንስለ ዋዕላ ተገይሩ ንማለት ደኣ'ምበር ኣዕጋቢ ዉጽኢታት ኮነ ሃገራዊ ጠባይ ኣይህልዎን እዩ። ብተወሳኺ ኸኣ፡ ኣብ ምብጋሱ ስሙን ዕላምኡን ስለ ዝራጸም ናይ ፍሽለት ጸር ይኸዉን። ነዚ ከቢድ ሓላፍነት ንምስካም ካብ ተመርጸ ኸኣ ዉሕሉል ኣተሓሕዛን ኣጀማምራን የድልዮ። ንዉሱን ፕሮፓጋንዳዊ ዕላማታት ንምርግጋጽ እንተ ኸይኑ'ዉን ናይ ገዛእ ርእሱ ተጻራሪ ዕዳታት ኣለዎ። ምኽንያቱ ብዘይተኣደነ ጽንኩር ተመክሮታት ዝተጸርበን ዝተነድቀን ልቦና ህዝቢ ከም ዘይነጽፍ ባሕሪ ይዕዘብ፣ ይከታተልን ይግስጽን'ዩ።

ክግበር ዝቐነየ 'ዋዕላ' ካብ ዝፈትሖም ሽግራት፡ ዝለዓሉ ሕቶታት በዚሖም ከም ዘሎዉ ንግንዘብ። ኣብ ዝተፈላለያ ማዕከናት ፈነወ ዜናን ጋዜጣታትን ክንከታተሎ ዝቐነና ጭቡጥ ምልክታት ሂቦሙና ኣለዉ። ንኣብነት ፈነዋ ሬድዮ ኣሰና ኮነት ቪ.ኦ.ኣይ (VOA) ከቕርብዎ ዝቐነዩ ቃለ-ምጥያቓት ክጥቀስ ይከኣል። ንኣምባቢ ከመልክቶ ዝደሊ ኣብነታት ካብቲ ኹሉ - ናይ፡-

1. ኣቶ ተኸላይ ተቐማጣይ ኒዉ-ዮርክ ኣብ VOA ብዉክልና Eritrean Global Solidarity for Justice, Human Rights and Democracy ዝሃቦም መብርሂታት፡

   for more reading link

   http://eritreanglobalsolidarity.org/forum/index.php?option=com_content&view=article&id=81:how-sure-are-we-that-the-conference-will-craft-a-national-vision-when-eda-itself-is-not-unified-&catid=47:press-release&Itemid=62

   http://eritreanglobalsolidarity.org/forum/index.php?option=com_content&view=article&id=82:egs-letter-to-qall-participants-of-the-national-conference-for-democratic-changeq&catid=47:press-release&Itemid=62

2. ን6 ወርሓት ዝኣክል ንጡፍ ተንቀሳቓሲ ኮሚቴ 'ዋዕላ' ኣብ ለንደን ዝነብር ኣቶ ቢንያም መሓሪ፡ ኣብ VOA ዝሃቦም ቃለ-ምሕታትን፡ መልሲ መራሕቲ "ዋዕላን"፡

   VOA link
   http://www1.voanews.com/tigrigna/news/-----------100918539.html

3. ኣቶ ገዛኢ ኪዳነ (ሓላፊ ዜና) ኣብ Togoruba.org ዝለጠፎ ግጥሚ Link

   http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/tigrigna/2010/articlesAug/2008GK1-01PT.pdf

ኣቶ ተኸላይ ኣብቲ ቦታ ዋዕላ ክኸዱ ከለዉ ብሩህ መምርሒ ከም ዝነበሮም ይጠቕሱ። ተሳታፍነቶም ኣብ 'ዋዕላ' ኸኣ ኣካላዊ ተሳትፎኦም ኣድላዩ ጽልዋታት ንምግባርን ዓበይቲ ዉሳኔታት ናይ ምሕላፍ

መደብ ዝነበሮም ናይ ምዕጋትን እዩ ነይሩ። እብቲ 'ዋዕላ' መንነቶም ብዘየገድስ ንዉሱን ዕላመኦም ከዉዕሉዎ ዝደልዩ ከም ዝነበሩ ይበርህ። መንነት ኣቶ ተኸላይ በዚ ኣብ ላዕሊ ጠቂዔዮ ዘሎኹ መተኣሳሰሪ (link) ዝዉክሉዎ ሲቪካዊ ዉድብ እዩ ዝግለጽ። ወነንቲ ናይቲ ኣኼባ ግን ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንሓያልነቶም ኮነ ተቐጻጻርነቶም ከዕቁብ ዘኽእል ዉሳኔታት ከስፍሩ ከም ዝኽእሉ ርግጸኛታት ነይሮም። ኮይኑ ኸኣ እቲ 'ዋዕላ' ከምቲ ዝተጠቐሙሉ ኣገባብ ኣሰታትፋ ተጋባእቲ፡ ዝያዳ ነዓኦም ዝድግፍ ሃዋህዉ ንምፍጣር፡ ኣዳላዊት ሽማግለ ኣምሪጹ፣ ተር ከም ዓተር ዝሓዝኡዎ ቦታታት ናይተን ዘይተሳተፋ ሃገራዉያን ዴሞክራስያዉያን ዉድባት ኣዝዩ ዘጣይቕ ጉዳይ ናይ ስልጣን ምሽራኽ ምልክት እዩ። ብዓንተብኡ እዉን ክንድዚ ጸደፍደፍን ጉያ-ጉያን ናይ ምትግባር 'ሃገራዊ ዋዕላ' መዓስ ምተራእየ። ኣቶ ተኸላይ ዝወከሎ ዉድብ እዉን ነዚ ስክፍታታት እዚ ይረኣዮም ስለ ዝነበረ እዮም ኣብ ዕላዊ ጽሑፋቶም ዘቃልሑዎ ዝነበሩ። 'ድሕሪ ሰለፋ እንታይ ተረፋ' ከም ዝብልዎ ነቶም የድምዑና እዮም ዝበሉዎም እንዳ ገላለፉ ብብዙሕ ጻዕርታት 'ዋዕላ' ዘዳለዉ ናይ ዕዳኦም ሓለፋ፡ ሕርሕራይ ገይሮም ኣረጋጊጸሞ እዮም። ብዘይ ቅንዕና ዝስራሕ ዝምድና ሓይልታት ከኣ ናይ ዉድቀቱ መስርሕ እዩ ዘዋድድ። ተ.ሓ.ኤ. ዓቢ ምስክር ናይ'ዚ ግዳይ'ዚ እያ።

ቢንያም ክሳብ ኣስታት ሹዱሽተ ወርሓት ነዚ 'ዋዕላ' ዕዉት ክገብር ብሓላፍነት ከም ዘገልገለ ገሊጹ። ነቲ ዋዕላ ካብ መኽፈቲኡ ኣትሒዙ ብትንኩልናታት ከም ዝተነድቀ ከኣ ኣስተብሂሉ። ኣገልግሎቱ ንቕዱስ ዕላማ ኮይኑ ስለ ዘይተራእዮ ኸኣ ብቕጽበት ስሒቡ። ወዳእቲ 'ዋዕላ' ንምኽያታት ምስሓቡ ክሕተቱ እከለዉ ናይ 'ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት' ስለ ዝነበሮ እዩ ኢሎም መሊሶሞ። እዚኣቶም እዮም እዞም ሃገር ክጥርንፉ መብጸዓታት ዝኣትዉ ዘለዉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ VOA link ጠዉቑ።

ኣቶ ገዛኢ ኪዳነ (ሓላፊ ዜና) ኣብ Togoruba.org ዘቕረቦ ግጥማዊ ጽሑፍ ነንሓድሕዱ ዝዋቓዕ ናይ ቅደም ተኸተል መስመራት ቀሪቡ ኣሎ። ጽሑፉ ዝያዳ ናይ ድልየትን ስሚዒትን ዝዓብለሎ ኣብ ሓቅታት ዘይተመርኮሰ ናይ እዋኑ ንፋስ ዝበከሎ ይመስል። ግዜ ዝበልዔ፡ ተደማሚሩ'ዉን ዝመጽኤ ናይ ማሕበረ-ሰብና ምክፍፋልን ዘይ-ምትእምማንን ኣብ ዉሽጢ ሓደ ሰሙን ኩሉ ነገር ከም ዝተወደኤ ገይሩ የቃልሕ። 'ዋዕላ' ንኹሉ ብሓባር ዘሳተፈ ክብል ይጸንሕ'ሞ፡ ስዒቡ ኸኣ 'ነብሶም ባዕላቶም ዝገለሉ' ይኸዉን። ብምቕጻል ሕዉየት ዘድልዮ ናይ ቅርሕንቲ ጸርፍን ክስን ንገለ ሸነኻት ይዕድል። ሓዉ ገዛኢ፡ ነቐፌታይ ነታ ከም ኣርእስቲ ዝቐረበትን ስዒብን ዘለዋ ክልተ ነናይ ኣርባዕተ መስመራትን እየን። መሰረታት ናይ'ተን ዘይተኻፈላ ወድባት'ዉን ዝገለፍካዮ ትመስል። ጽሑፍካ ንዝምበበ፡ ጠባይ ናይ'ቲ 'ዋዕላ' ንምርዳእ ብዙሕ ኣየሸግሮን። ዘስደምም ግን- መራሕቲ 'ዉድባትና' ክሳብ ክንደየናይ ንሽግሩት ሃገረ ኤርትራ ኣቃሊሎም ይርእይዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣገባብ ኣፈታትሓኡ ብቕርሕንቲ ዝተደጎለ ስምዒታት ከምብብዎ ከም ዝፍትኑ ክትርዳእ ይከኣል።

ጸሓፊ ገምጋም ክህብ እንከሎ እምበኣር፡ ነዚ ዝቐነየ 'ዋዕላ' ብምምዝዛን ተመክሮ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ግዜ 1970 - ይርእዮ። ኣብ ግዜ ፈልሲ ምፍጣር ህዝባዊ ሓይልታት ግሁድ ናይ ሓድ-ሕድ ኲናት ኣዋጅ ተገልጸ። መጀመርያ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነቲ ካብኣ ዝፍለ ዝነበረ ሓይልታት

ግጉይ ናይ ምቕንጻሉ ስጉምትታት ምስ ወሰደት፣ እቲ ሓደ ሸነኽ ኣብ ምክልኻል ጸሚዱ የግዳ ኸኣ ናይ ነዊሕ ዕላማ ኣመት ዘሎዎ "ዓማ ክትሓቕቕ'ያ" ዝብል ግብረ መልሲ መደብ፡ ብብሩህ ኣስፈረ። ተሓኤ. ኣብ 1975 ናይ ሓድ-ሕድ ዉግእ ኣዋጃ ሰሓበት። ህዝባዊ ሓይልታት/ግንባር ግን ብቐጻሊ ተበግሶታት ኲናት ንተ.ሓ.ኤ. ከም ሓይሊ ኣብ 1981 ኣፍረሰታ። እዚ 'ዋዕላ'ዚ' እምበኣር ኣብ ዝተፈላለያ ዌብ-ሳይታት ክቃላሕ ዝሽረመን ዝሓገየን ወስታታት ናይ ኲናት እዩ ኣዉጁ። ንሰፊሕ ክብደት ዘሎዎ ናይ ተቓዉሞ ዉድባት ኮኑ ሲቪካዊ ማሕበራት (መራሕትን መሰረታትን)፡ ብስም ሃገራዊ ደረጃ ዘዳለዎ 'ዋዕላ' ኣቢሉ ህላዉነቶም ንምጥፋእ ዝገበሮ ፈተነ፣ ካብቲ ናይ ሰባዓታት (70th) ዝፍለ መልክዕን ትሕዝቶን የብሉን። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ኣብ ቀላጽም መንግስቲ ኢትዮጵያ እናተሮሮኻ ዝግበር ዘይብሱል፡ ዘይለባምን ገላልን ዘተ ሃገራዊ ክኸዉን ኣይክእልን። ብኻልእ ሸነኹ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ድቁስ-ተሻራኺ ክኸዉን ይኽእል። ኣብ ዘድልዮ እዋናት ከኣ ነቶም ሕጂ ዘፍልሶም ነገራት ኣበራቢሩ ከጥቅዕ ከም ዘኽእሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ 'ዋዕላ' ነዚ ጥራሕ ኣይኮነን ዝፈጸመ፡ ብተወሳኺ ነቲ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ክዉክሶን ኣብ ግምት ከእትዎን ኣይሃቀነን። ስለዚ ኣዳለዉቲ 'ዋዕላ' ምስ'ቲ ናይ ዉሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ሃለዋት ብዙሕ ምርሕሓቕ ዘሎዎም ይመስሉ።

እንተ እቶም ኣብቲ 'ዋዕላ' ዘይተሳተፉ ሸነኻት፡ ካብ ¾ ንላዕሊ ህይወቶም ኣብ ቃልሲ ዝሕለፉ፣ ኣብ ንነጻነት ኤርትራ ክዉን ንምግባር ዓቢ እጃም ዘበርከቱ እሙናት ዜጋታት እዮም። ንቅዉም-ነገሮም ሚዛን ዘይህብ ስልጣን ብንጹር ሃገራዊ ዴሞክራስያዊ መትከላት ኣብ ምምካት ዝርከቡ ዜጋታት ገሊሉ ዓጀዉጀዉ ዝብል፡ ናይ ታሪኽ እንዶ ዘይብሉ ምትእኽኻባት ካብቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ፈሊኻ ንምርኣይ ኣሸጋሪ'ዩ። ኣብ 'ዋዕላኦም' ዘሕለፉዎ ስሱዕ ዉሳኔታት ኮነ ቆጸራታት ናይ ባዕላቶም ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ፡ ንሕሉፍ ኣሉታዊ ታሪኽ ዝደጋግም ዓማጺ ተበግሶ'ዩ።

ብእምንቶይ፡ ኤርትራ ብኹሎም'ቶም ንኤርትራ ዘቕሙን ዝተኸላኸሉን - ተስፋን ክብረትን እያ። ዝኾነ ይኹን ወዲ ሃገር ከኣ ካብቶም ካለኦት ዝያዳ ሓለፉ ኣይህልዎን። ማዕረን ፍትሓዉን ምሕድራ ጥራሕ ከኣ'ዩ ዘረጋግጾ። እንተስ ኣድማዓሉ ወይስ ኣይተድማዓሉ፡ ንሰፊሕ ህዝቢ ምጥርናፍ ዝሓለነ ትጉህ ዋዕላ ንምድላዉ፡ ናይ ዉሽጥኻ ከላእ-መላእ ጸራሪግካ እቕረ-እቕረ ተበሃሂልካ ኣርኣያ ምዃን ዝበለጸ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ዓቃል፡ መስተዉዓልን ለባምን ንስለ ዝኾነ ብህድኣት (ብሱቕታ) ክገንሓና ጸኒሑ'ዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!!!

"How sure are we that the conference will craft a national vision when EDA itself is not unified? How national can the conference be if all member organizations and others who should be integral part of the process are not included?"

**Seyoum Tesafye Chairman,**

**Eritrean Global Solidarity for Justice, Human Rights and Democracy**
**10 June 2010**